# መብፅዓ

ኦ ማርያም ኣደይ፥ ጐደሎ እምነት ዝኾንኩ ኣነ

..............................................................

ንናይ ጥምቀተይ መብፅዓታት ኣብ ኣእዳውኪ እሐድሶን ብፌርማይ ኣረጋግጾን ኣሎኹ። ንዘለዓለም ንሰይጣንን ንዳንኬራኡን ሥራሑን እኽሕድ ኣሎኹ። ኣብ ኵሉ ዘመነይ ንመስቀለይ ጾረ ክስዕቦን ቅድሚ ሕጂ ገይረዮ ካብ ዝፈልጥ ንላዕሊ እሙን ክኾነሉን፥ ኵልንተናይ ነቲ ሥጋ ዝለበሰ ጥበብ ኢየሱስ ክርስቶስ እህብ ኣሎኹ።

ኣብ ቅድሚ ኹሎም ሰማያውያን ሠራዊት ሎሚ ኣደይን እምበይተይን ክትኮንኒ መሪጸኪ ኣሎኹ። ኣብ ጊዜን ኣብ ዘለዓለማውነትን ምእንቲ ዝዓበየ ክብሪ እግዚኣብሔርን፥ ንኣይን ነቲ ኣነ ዝውንኖ ኵሉ ነገርን ሓደ እኳ ከየትረፍኩ፥ ምሉእ ንምሉእ ንስኺ ከም ድላይክን ባህ ከም ዘበለክን ክተመሓድርዮ ብምሕዳግ፥ ሥጋይን ነፍሰይን ውስጣውን ግዳማውን ንብረተይን፥ ናይ ዝሓለፈን ሕጂ ዘሎን ናይ መጻኢን፥ ዓስቢ ሠናይ ተግባራተይ እውን ከይተረፈ ንኣኺ ከም ባርያኺ ገይረ እቕርብን እውፊን ኣሎኹ።

ኦ ርኅርኅተ ድንግል፥ ስለ ክብርኽን ስለቲ ዘለዓለማዊ ጥበብ ኣብ ትሕቲ ኣደነትኪ ርእሱ ኬማዕቍብ ብለውሃቱ ስለ ዝደለዮ ኅብረትን፥ ስለ ክብሪ ክልቴኹምን፥ ኣብ ልዕሊ እዚ መስኪን ኃጢኣተይና ስለ ዘሎኩም ኃይልን፥ ስለ እቲ ቅድስት ሥላሴ ንኣኺ ስለ ዝሃበኪ ፍሉይ ቈላሕታ ንምምስጋንን ንዘቕርቦ ዘሎኹ ነዚ ንኡስ ወፈያ ባርነት ተቐበልለይ። ካብ ሕጂ ንደሓር ከም ሓደ ሓቀይና ባርያኺ፥ ንክብርኺ ክደልዮን ብኵሉ ነገራት ንኣኺ ክእዘዝን ቃል እኣቱ።

ኦ እተደንቒ ኣደ፥ ፍቁር ወድኺ፥ ከምቲ ብኣኺ ኣቢሉ ዘድኃነኒ፥ ብኣኺ ኣቢሉ`ውን ኪቕበለኒ፥ ከም ዘለዓለማዊ ባርያኡ ጌርኪ ኣቕርብኒ። ኦ ኣደ ምሕረት፥ ሓቀይና ጥበብ ኣምላኽ ክረክብ ጸጋ ሃብኒ፤ ምእንቲ እዚ`ውን ኣብ መንጐ እቶም ከም ደቅኽን ባሮትክን ጌርኪ እተፍቅርዮምን፥ እትምህርዮምን፥ እትመርሕዮምን፥ እትምግብዮምን፥ እትሕልውዮምን ሰባት ተቐበልኒ።

ኦ እምንቲ ድንግል፥ ብኣማላድነትክን ብኣብነትክን፥ ኣብ ምድሪ ፥ ናብ ምልኣት ዕድመኡ፥ ኣብ መንግሥተ ሰማይ ከኣ ናብ ክብሩ ምእንቲ ክበጽሕ፥ ነቲ ሥጋ ዝለበሰ (ሥግው) ጥበብ ዝኾነ ወድኺ ኢየሱስ ክርስቶስ ዚመስሎን ዚግዝኦን ባርያ ኾይነ ብኵሉ ነገራት ፍጹም ተኸታሊኡ ክኸውን ግበርኒ። ኣሜን።

ፌርማ ..............................................................

ዕለት ........................................................

http://catholicgheez.org/mary.php